# ሰንበት ዘአብርሃም

## ነሓሰ 28 2015 ዓ.ም. (9/3/2023)

**መዝሙር፡** ሰንበት ትዓቢ እምኵሉ ዕለት...ሰንበት ካብ ኩሉ ዕለታት ትዓቢ ሰብ ከአ ካብ ኩሉ ፍጥረት ይኸብር፥ኖኃ አብ ውሽጢ ታቦት እንከሎ አዕበያ፥ አብርሃም አብ ቅድሚ ምስዋዕ አኽበራ፥ሙሴ ንሰንበት አብ ሰፈር ብጽድቂ ከኽብርዋ አዘዞም። ጎይታ ንደመናታት አብ ብምድሪ ብመዓልቲ ሰንበት ዝናም ከውርዱ አዘዞም፥ ሰንበት ካብ ኩሉ ዕለታት ትዓቢ ሰብ ከአ ከብ ኩሎም ፍጥረት ይኸብር።

**ንባባት፡** ዕብራውያን 7፡5-14፥ ያዕ፡ 2፡14-19፥ ግ.ሓ. 7፡1-9፥ ሉቃ 9፡22-27።

**ምስባክ፡** ወሓመልማለ ለቅኔ እጓለ እምኅያው፥ ዘይህቦሙ ሲሳዮሙ ለእንስሳ፥ ወለዕጓለ ቋዓት እለ ይጼውዕዎ። ሓምላይ ንጥቕሚ ደቂ ሰብ፥ ሣዕሪ ንእንስሳ የብቍል፥ ንዝጽውዕዎ ጨቓውቲ ኳኽት ከአ መግቢ ይህቦም” መዝ. 147፡8-9።

እዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዘመን ካብ ሰነ 26 ክሳብ መስከረም 25 ዘሎ ዘመነ ክረምቲ ኢልና እንጽውዖ ኮይኑ ስሙ ከም ዝሕብሮ ካብ ቋንቋ ግዕዝ ዝመጸ ካብ ከርመ ዝብል ዝመጸ እዩ። ትርጉሙ ወርኃት ዝናም፥ ነጎድጓድ፥ ዘመነ ባሕር፥ ዘመነ አፍላግ፥ ዘመነ ጠል፥ ዘመን ደመና፥ ዘመነ መብረቅ ማለት እዩ። ነቲ አብ እዋናት ክረምት ዝገጥም ባህርያዊ ነገራት ብምዕዛብ ምስ መንፈሳዊ ሕይወት አተሓሒዙ ክነስተንትኖ ይሕግዘና። አብ ባሕርያዊ ነገራት ምሕረትን ፍቕሪ አምላኽን ርኢኻ ምኽአል። አብ ጽባቔ ተፈጥሮ ብምዕዛብ ነቲ ከአል ኩሉ አምላኽ ዕብየቱን ክእለቱን ተዓዚብካ ክተመስግን ምኽአል ንአና ንደቂ ሰብ አብ አምላኽ ክንቀርብ ይሕግዘና።

ወርኂ ነሓሰ ብፍላይ ፍሉይ መልእኽቲ የመሓላልፈልና፥ ዘራእቲ አብ ተስፋ አምሪሑ ብሩህ ፍረ ማሕረስ ዝርአየሉ ዕምባባታት ፍሉይ መልክዕ ንምድረ ሰማይ አልቢሶሞ ክርኤ እንከሎ ፍሉይ ምስጢር ፍጥረት ክንዕዘብ ይሕግዘና። ነዚ ኹሉ ዝገብር አምላኽ ክነመስግኖ እሞ አብኡ አሚና ምስኡ ዘሎና ርክብ ክንሕድሶ ዝሕግዘና እዋን ኢና ዘሎና።

አብዚ እዋን ብፍሉይ ካብ ነሓሰ 10(ማኅበረ በኵር) - 28 ዘሎ አብርሃም፥ እጓለ ቋአት፥ ደሰያት፥ ዓይነ ኩሉ ዝብል ሰናብቲ ሒዙ ይርከብ ነናቱ መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ። ሰብ ክቡር ፍጥረት እዩ አምላኽ ፍሉይ ፍቕሪ ስለ ዝገበረሉ ካብ ኩሎም ፍጥረታት ክቡር ይብሃል። ነዚ ፍሉይ ተፈጥሮ አምላኽ ንፍሉይ መደብ እዩ ንሰብ ሂብዎ። ተኻፋላይ ጸግኡን መዋርስቱን ገሩ ብሂጉ ፈጢርዎ። ተፈጥሮና ከስ ምስ አምላኽ ክነብር እዩ። ፍቕሪ አምላኽ አብ ኩሉ ተፈጥሮን አብ ኩሉ ሕይወትናን ክንግዘቦ ንኽእል። ክረምቲ ፍሉይ መልክዕን ትእምርትን ይርአዮ። ዘራእቲ እንተ ረኤና ከምኡ ደመናታትን ባህሪ ክራማት ኩሉ ንምስጢር ተፈጥሮና ክብ የብሎ። ነዚ ባሕርያዊ ነገራት ተዓዚብና ናብ አምላኽ ክንምለስ እዩ እቲ መልእኽቲ።

ሓንቲ ሕይወታ ንአገልግሎት አምላኽ ዘወፈየት ሰበይቲ ንሕሙማትን አብ ዓራት ዝማሰኑ ብምብጻሕ፥ ንሽማግለታትን ስንኩላትን ብምሕጋዝ ፍልጥቲ ዝነበረት ሕምማ ብርኪ ገራ ኦፐረሽን ክትገብር ተነጊርዋ። እቲ ዝገበረቶ ኦፐረሽን ከምቲ ዝተደለ ከሕውያ አይተረኽበን እኳ ድአ ቃንዛን ካልእ ጸገማትን ፈጢሩ ከም ዘይትንቀሳቐስ ገርዋ። ባዕላን አዕሩኽታን ኦፐረሽን ጽቡቕ ክኸደላ ብሓባርን ብግልን ጸልዮምላ እንተ ኾነ መልሲ ጸሎት አይተረኽበን። እዛ ሰበይቲ ፍሉይ ፍቕሪ ኢየሱስ ስለ ዝነበራ ናይ ግላ ዓርካ ገራ እያ ትርእዮ ዝነበረት፥ እንተ ኾና ጸሎት ብዘይምስምዑ ተስፋ ቆሪጻ ሕዝንትን ኩሉ ጊዜ ዘይሕጉስትን ኮይና ትርአ ነራ። ሓደ መዓልቲ

አብ ርእሳ ተመሊሳ ኩሉ እትሓስቦን እትኾኖን ርእያ ምስ አበነፍሳ ጸገማትን አተሓሳስባን ከተካፍል ከደት። አበነፍሳ ኩሉ ምስ ሰምዕዋ አብ ጸሎት ክትአቱ እሞ ንዓርካ ኢየሱስ ስለምንታይ ከምዚ ክትከውን ደልዩ ክትሓቶ ነገርዋ። ከምኡ ኸአ ገራ። ንጽባሒቱ አበ ነፍሳ ምስ ረኸብዋ አብ ክንዲ እቲ ብርቱዕ ቃንዛ ዝነበራ ገጻ ተቐይሩ ሕጉስትን ፍሕሽውትን ሰላም መሊእዋ አብ ኩሉ ገጻ ክርአ ረኸብዋ። እንታይ ከም ዝበለኒ ትፈልጡዶ እናበለት ንአበ ነፍሳ ዝተባህለቶ ክትነግሮም ጀሚራ። አብቲ ዝተሰቕለ ኢየሱስ እና ጠመትኩ ቃንዛ እግረይ ክነግሮ እንከሎኹ ናተይ ዝገደደ እዩ ነሩ ኢሉኒ ኢላቶም።

አብ ገለ እዋን ነቲ ተጓኒፍና ዘሎ ጸገም ጥራሕ ክንርኢ አይሕግዘናንን እዩ ከማና ካባና ዝገደዱ ከም ዘለዉ ክንፈልጥ ጽቡቕ እዩ። ከምቲ ሓደ ሰብአይ ሳእኒ የብለይን ኢሉ ዘማርር ዝነበረ እግሪ ዘይብሉ ምስ ረአየ ንኩነታቱ ዘመስገነ ንሕና እውን ከምኡ ክንገብር አሎና። ስለምንታይ እዚ ረኺበኒ ስለምንታይ እዚ ተበሃልኩ ኢልና ክነማርር የብልናን።

አብ ዓለም ብዘይ ቃንዛ ክነብር ዘይክአል እዩ ክፍሊ ምድራዊ ሕይወትና እዩ፥ ግን አብ ክብሪ ገጹ ዝወስድ መገዲ እውን እዩ። ብዘይ መስቀል አኽሊል ክብሪ የለን።

አብ ትንቢት ኤርምያስ 20፡7-9 ዘሎ ኤርምያስ በቲ ዝገጠሞ ጸገማት አብ ልዕሊ ጸዋዕትኡ ክጉረምርም ንአምላኽ ክወቅስ ይስማዕ ኦ እግዚአብሔር ንስኻ ጠበርካኒ አነ እውን ተጠበርኩ ይብል። እግዚአብሔር ከም ዘጠፋፍኦ ገሩ ይዛረብ መላገጽን ንውቕን ገበርካኒ እናበለ ብሰንኪ መጸዋዕታኡ ዝረኸቦ ጸገም ይገልጽ። በዚ ምኽንያት ነቲ አምላኽ ዝሃቦ መጸዋዕታ ክሓድግ ይደሊ ግን አብ ውሽጡ ነቲ አምላኽ ዝደልዮ ክገብር ይድርኾ። አብ ተልእኮኡ ብሰማዕቱ ተነጺጉ ተጸሊኡ፥ ክቐትልዎ ይደልዩ ነሮም፥ ተኸትኪቱ ምእንቲ ክመውት አብ ዔላ ተደርብዩ ካብ አዕርኽቱን አዝማዱን ተነጺሉ እዚ ኹሉ አብ አምላኽ ክምለሱን ጌግኦም አግሂዱ ስለ ዝነገሮም እዩ ገጢምዎ። ድላይ አምላኽ ክነለሊ ክንሓልፎ ዝግብአና ፈተናን መስቀልን ኩሉ ጊዜ ምስ ገጠመና እዩ።

አብ ትውፊት ክርስትና እዚ ናይ ኤርምያስ ስቓይ አምሳል ናይ እቲ ክርስቶስን ሰዓብቱን ዝገጥሞ ኮይኑ እዩ ዝርአ ነሩ። ንሓቀኛ ነብይ አምላኽ ዝጽበዮ መከራን ስደትን ስቓይን አብ ኤርምያስ ተራእዩ። ንነፍሲ ወከፍና ክንሰግሮ ዝግብአና ስቓይን ፈተና ይገጥመና እዩ። አብቲ ጽንኩር እዋን ንድላይ አምላኽ ክንገብር ንቃሉ ክንሰምዕ ልብና ክንከፍት አሎና።

አብ ናይ ሎሚ ቃል ወንጌል ካብ ሉቃስ እዩ። ንሓደ ረድኢ ክርስቶስ ክገብሮ ዘለዎ ይነግረና።

1. **ዝሳቐ መስሕ፡** ኢየሱስ ነርድእቱ አብ ኢየሩሳሌም ከም ዝኸይድ አብኡ ከም ዝዛቕን ዝስቀልን ዝመውትን ብሳልሳይ መዓልቲ ከም ዝትንሥእ ነጊርዎም። ነዚ ክብሎም እንከሎ ሓቀኛ መንነቱ እዩ ገሊጽሎም። ክርስቶስ ክሳቐ ክመውት ብሣልሳይ መዓልቲ ክትንሥእ እዩ። እዚ ግን ንሓዋርያት ዘይተጸበይዎ ኮይንዎም። ንሶም እቲ ዝጽበይዎ ፖሎቲካዊ መስሕ፥ ንጉሥ፥ ንእስራኤል ካብ መግዛእቲ ሮማ ቀልጢፉ ነጻ አውጺኡ ክብሪ ብወተሃደራውን ብሃብትን ብልጽግና ዘምጽእ እዩ ነሩ ትጽቢቶም። ነፍስወከፎም ካብዚ ንግስነት ክብርን ግንያትን ክህልዎም ትጽቢት ነርዎም። እቲ ዝገደደ ክአምንዎ ዘይከአሉ ኸአ እቶም አብ ሞት ዘብጽሕዎ ካብቶም አረመንን አህዛብን ከይኮኑ ብዓበይትን ሊቃነ ካህናትን መምህራን ሕግን ምዃኑ እዩ። ካልእ ዝገደደ እቲ ፍጻሜ አብ ኢየሩሳሌም አብ ቅድስቲ ከተማ ቤተ መቕደስ ዝርከባ እዩ ዝፍጸም። እዚ ዅሉ አብ ርድኢት ሓዋርያት ከቢድ ስለ ዝኾነ ዝብልዎ ጠፊእዎም ሰንቢዶም ሃለዋቶም እዩ ጠፊእዎም።

2. **ካባይ ርሓቕ ሰይጣን፡** ጴጥሮስ እቲ አቐድም አቢሉ ቅድሚ ቁሩብ ደቓይቕ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ሕያው አምላኽ ኢኻ ክብል ዝጸንሐ ነዚ ዓይነት ዝመስል ክርስቶስ ክቕበል ፍቓደኛ አይኮነን። ከመይ ኢሉ ነቲ መስሕ ንጉሥ እስራኤል ከምዚ ዝበለ ግፍዕን

ውርደትን ይወርዶ ኢሉ ክሰምዖ ወይ ክቕበሎ ኣይከኣለን፥ ስለዚ ንኢየሱስ ኣግልል ኣቢሉ ጎይታይ የድኅንካ እባ ደአ እዚ ነገር እዝስ ከቶ ኣባኻ ኣይውረድ እናበለ ገንሖ። ኢየሱስ ብዝያዳ ዝጎሃየ ኮይኑ ብዝገደደ ነቲ ብጴጥ ኢኻ፥ ከውሒ ኢኻ፥ መፋትሕ መንግስተ ሰመይ ክህበካ እየ እናበለ ዝምግሶ ዝጸንሐ ካባይ ርሓቕ ሰይጣን እናበለ ኣርሓቖ። መሳርሒ ሰይጣን ኣይ ኮንን ዝብሃል ዘሎ ብርእሱ ሰይጣን እዩ ዝብሎ ዘሎ። ሰይጣን ኣብ በረኻ ንኢየሱስ ክፍትኖ እንከሎ ሓደ ካብቲ ዘቕረበሉ ንግስነት መስቀል ዘይብሉ እዩ። ጴጥሮስ ከአ ሓደ ዓይነት ንግስነት ከምቲ ሰይጣን ዘቕረበሉ ፈተና እዩ ዘቕርበሉ ዘሎ ሓደ ዓይነት ስም ከአ ተዋሂብዎ። ሰይጣን ክብሪ ዓለምን ንግስነትን ኣርእይዎ እዚ ኹአ ክብሪ ንግስነት ዘልኦም ግን ስቓይ መከራ ዘይደልዩ። ጴጥሮስ ከውሒ ዝብሃል ዝነበረ ዓንቃፊ ተባሂሉ፥ ንስኻ ናይ ሰብ እምበር ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ ተባሂሉ።

3. **ሓቀኛ ትርጉም ክርስትያናዊ ረድኢ/ሓዋርያ፡** ንጴጥሮስ ካብኡ ኣርሒቑ ናብቶም ካልኦት ሓዋርያቱ ግልጽ ኢሉ ኪስዕበኒ ዚደሊ ሕይወቱ ይመንን፥ መስቀሉ ኣልዒሉ ድማ ይስዓበኒ፥ ከመይ እቲ ንሕይወቱ ኬድኅና ዚደሊ ኬጥፍአ እዩ። እቲ ንሕይወቱ ምእንታይ ዜጥፍአ ኹአ ኪረኽባ እዩ በሎም። ኣብዚ ኢየሱስ ናይ ሓደ ክርስትያናዊ ረድኢ ብከመይ ሕይወቱ ክመርሕ ከምዘለዎን ክገብሮ ዘለዎን ንክርስቶስ እናሰዓበ ዝኽተሎ መገዲ እዩ ዝነግር ዘሎ።

**ሓዋርያ ክርስቶስ ዝኸውን ሰለስተ ነገራ ኣለዋ ክገብረን ዘለዎ፡**

- **ሕይወቱ ክምንን ኣለዎ።** ብንቡር ኣዘራርባ ርእስኻ ምምናና ክብሃል እንከሎ ንርእስኻ ምኽሓድ ንርእስኻ ከምዘይናትካ ምርኣይ ማለት ከብ እተግብሮ ወይ ዘሎካ ከይትገብር ርእስኻ ምዕጋት። ኢየሱስ ርእስኻ ክሓድ ክብል እንከሎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ናይ ሕይወትና ንርእስኻ እምቢ ንኣምላኽ ግን ሕራይ ምባል ማለት እዩ። ሕይወትካ ምምናን ማለት ንሓደን ንመጨረሽታን ጊዜ ንክብሪ ርእስኻ ኣሎኻ ንክብሪ ኣምላኽ ክብ ምባል እሞ ናይ ሕይወትካ መላኺ ምንጪ ገርካ ምውሳዱ።

- **ሓዋርያ መስቀሉ ኣልዒሉ ንኢየሱስ ዝስዕብ ክኸውን ኣለዎ።** እዚ ማለት ሓዋርያ ክርስቶስ ንኹሉ ናይ መስዋዕትነት ተጽዕኖ ክስከም ኣልኦ። ክርስትያናዊ ሕይወት ኣብ ኣገግሎታውን መስዋዕትን ዝተመስረተ ክኸውን ይግባእ። ንክርስቶስ ከገልግል ኢሉ ንግላዊ ድለታቱ ዝሓድግ ማለት እዩ። ግዚኡን ኩሉ ምቾቱን ምእንቲ ክርስቶስ ኢሉ ክስውእ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት ነፍስወከፍ ሓዋርያ ብቐጻሊ ኣምላኽ ካብኡ እንታይ ከም ዝደሊ ከምኡ ካልኦት ካብኡ ዘድልዮም ክፍጽም ዝተሰናደወ ክኸውን ይግባእ። ነዚ ኹሉ ክገብር ምእንቲ ክርስቶስ ኢሉ ስቓይን ንኹሉ ዕንቃፋታትን ክጻወር ኣለዎ።

- **ሓዋርያ ዕለት ዕለት ንኢየሱስ ክርስቶስ ክስዕብ ኣለዎ።** እዚ ማለት ከአ ዕለት ዕለት ኣብ ክርስቶስ ምሉእ እምነት ገሩ ብሓሳቡ ብቃሉን ብግብሩን ክምስክርን ክገብርን ኣለዎ።

ኢየሱስ ንጹር ዝገበሮ ኣብ መስቀል ከም ዝኸይድ ሓዋርያት ከአ ብድላዮም ክስዕብዎ ከም ዘለዎም። መገዲ ሕይወት ኣብ መገዲ መስቀል ጥራሕ እዩ ዝርከብ እዚ ኸአ ኣብ ሞት ዝውዳእን ዝስዓርን ዘይኮነ ኣብ ሓዲስ ሕይወትን ግርማን ክብርን ዘብጽሕ። ሓዋርያነት ወይ ረድኢ ምኳን ብዛዓብ ዓወታት ክብሪ ደረጃ ምጉንጻፍ ኣይኮነን። ነቲ ሓሳዊ ዝኾነ ሕይወትና ካባና ጨሪሽና ምስ ኣርሓቕና ጥራሕ እዩ ንሓዲስ ሕይወት ኣባና ዘየተኮረ ኣብ ኣምላኽ ጥራሕ ዘተኮረ ክንሕዝ እንኽእል። እዚ ትምህርቲ ምሳሌ እዩ፥ ትርጉሙ ኸአ ብኣንጻሩ ገርካ ምርኣይ። ሕይወት እንረክብ ሕይወት ብምጥፋእ እዩ። ስቓይን ሞትን ኣብ ሕይወትን ግርማን ይመርሑ።

**ሰብነትኩም ሕያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መሥዋዕቲ ጌርኩም ኣቕርብዎ።**

ቅ. ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 12፥1-2 ነቲ ኣምላኽ ዝገበረሎም ምሕረት ድሕሪ ገሊጽሎም ንገዛእ ርእሶም ከም ሕያው መስዋዕቲ ከቕርቡ ይነግሮም። ነቶም ብክርስትና ኣሕዋቱ ሰብነቶም ሕያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብል መሥዋዕቲ ጌሮም ከቕርቡ ይምሕጸኖም። ንኣረማዊ ባህልን ስርዓታትን እናነበሩ ንክርስትያናዊ መንነቶም ከይጥፍኡ ይምሕጸኖም። ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ መርሚርኩም ክትፈልጡ ኣእምሮኹም ብምሕዳስ ተለውጡ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። ስለዚ ሓዲስ ኣእምሮ የድልዮም፥ ከምቲ ኢየሱስ ዝደልዮ እምበር ከምቲ ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ጴጥሮስ ዝተመነዮ ክኸውን ኣይግባእን።

ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝዛመሉ ዘሎ እዋን ምስ ናይ ሎሚ ንባባትና ኣተሓሒዝና ክንርእዮ ከሎና ብሓቂ በዳሂ ዝኾነ ሓሳባትን ሕቶታትን ኣብ ልብና ክመጽኣና ይኽእል እዩ። ኢየሱስ ቀጥታዊ ርክብ ኣብ መንጎ ሓዋርያን መስቀልን ከም ዘሎ ይነግረና። ብርግጽ መስቀል ዝኸፍአ መቕጻዕቲ ካብ ኩሉ ክፍኣት ዝለዓለ ምልክት ስቓይን ሞትን ሕይወት ኢየሱስ እዩ። ኣብ መስቀል ዝኾነ ዘሓጉስ ነገር የብሉን። እንተ ኾነ ንኣና ንክርስትያን ምልክት ናይ እቲ ብክርስቶስ ዝተረኽበ ድሕነት ሞትን ትንሣኤን ኮይኑ ኣብ ናይ ነፍስወከፍ ክርስትያን ሕይወት ኣብ ሕማቕ ጊዜ ይኹን ኣብ ጽቡቕ ጊዜ ምሳና ዝርከብ እዩ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ከም ዝብለና ነፍስወከፍ ሓዋርያ ክርስቶስ ወይ ኣማናይ ሕይወት ብምልኣት ክነብሮ እዚ ብምግባር ከኣ ነፍሲወከፍ ንመስቀል ክሓቝፍ ከም ዝግባእ ይነግረና። እዚ ናይ ግድን ዝኾነ ምትእስሳር እዩ። መስቀል ዘይብሉ ሓዋርያነት ሓዋርያነት ኣይኮነን። መስቀል ዝመለለይኡ ሕይወት ምልኣት እምነትን ትምህርቲ ወንጌልን ኣብኡ ይርከብ እሞ መለለይኡ ፍቕሪ ምሕረት እምነት ሓቅነት ሕድገት፥ ምንሳሕ ርሕራሐ ይኸውን። ምእንቲ ፍሉይን ክቡርን ዓላማን ኢልካ ስቓይ ምቕባል ዋጋ ኣልኦ። ዝኾነ እሙን ሓዋርያ ክርስቶስ ካብ ስቓይን ቃንዛን ነጻ ዝኾነ ሕይወት ክነብር ኣይክእልን እዩ።

ኣብዚ ዘሎናዮ ዘመን መስቀል ትርጉሙን መልክዑን ዝቐየር ይመስል። መስቀል ኣብ ኣብያተ ክርስትያን ገዛውቲ ኣብ ቤት ሸቐጥን ኣብ ብዙሕ ቦታታ ንርኢ። ዳርጋ እቲ ቀዳማይ ትርጉሙ ዝቐየረ ይመስል። እዚ ግን ነቲ መሰረታዊ መጸዋዕታ ክርስቶስ ከቐይረና የብሉን። ብዙሕ ጊዜ ኣሎ ካብ ስቓይ ክንሃድም እንፍትነሉ ጊዜ ብግዳማዊ መገዲ ንፉዓትን እሙናትን ክርስትያን ኮና እንርእየሉ ጊዜ ብኡ ኸኣ ዓጊብና እንነብሮ እዋን ኣሎ። ብኣንጻሩ ከኣ ብዙሓት ኣለዉ ኣብ መንጎና ምእንቲ እምነቶም ዝሞቱ ወላ እኳ ኣብ ሕይወቶም መዓልታዊ ስቓይ ይጓነፎም ጸኒዖም ካብ እምነቶምን ምኽታል ክርስቶስን ፍንክት ዘይብሉ። ብዙሕ ጊዜ እዚ ብሱቕታን ብዘይ ምውዕዋዕን እዩ ዝግበር ግን ኩሉ ጊዜ ተመሳሳላይ ሓቂ እዩ ዝገልጽ። ክርስትና ክርስትያናዊ እምነት ብዝያዳ ትኽረት ዝረክብ ብመንጽር ስቓይ ክርኣ እንክሎ እዩ።

ኣብዚ ዓመት ዛዚምና ኣብ ሓዲስ ዓመት ክንኣቱ ኣብ እንሰጋገረሉ ዘሎና እዋን ኣብ ሕይወትና ምልስ ኢልና እዛ ኣምላኽ ዝሃበኒ ዓመት ከመይ ኣሕሊፈያ ምስ ኣምላኽን ሰብን ብኸመይ ኣሕሊፈያ ኢልና ኣብ ጽምዋ ርእስና ንእቶ። መስቀለይ ተሰኪመዶ እሓልፎ ኣሎኹ ኢልና ምስ ርእስና ክንዛተ እዋኑ እዩ። ምድሪ ሰማይ ብዕምባባን ፍረን ከም ዝቕይር ንሕና እውን ብሰናይ ግብርን ፍቕርን ብዝያዳ ክንፈሪ ልብና ንኣምላኽ ንኽፈተሉ።

ቅ. ዮሓንስ መጥምቕ ተነስሑ ብወንጌል እመኑ ኢሉ ከም ዝሰበኸ ቤተ ክርስትያን ሎሚ እውን ንነፍሲ ወከፍና ተነስሑ ብወንጌል እመኑ እናበለት ንሓዲስ ዓመት ካብ ኩሉ ማእሰርቲ ኃጢኣት ወጺእና ኣብ ኣምላኽ ተመሊስና ዓመትና ንጀምር።

ዘመነ ሉቃስ ብሰላም ኣፈጺሙ ኣብ ሓዲስ ዘመነ ዮሓንስ ብሰላምን ፍቕርን የሰጋግረና።

ብሩኽ ሓዲሽ ዓመት።

ኣባ ንጉሠ ፍሥ